Ministerium für Kinder, Familie,
Flüchtlinge und Integration
des Landes Nordrhein-Westfalen




# ብዙሕ-ቋንቋውነትን ትምህርትን ካብ መጀመርታ
# ንቖልዑ ብዛዕባ ናይ ስድራቤት ቋንቋ (ታት) ከምኡ ድማ ብዛዕባ ምልላይ ምስ ትምህርታዊ ጐዕዞታትን ተዛረብዎም

# ሰሌዳ ትሕዝቶታት


መቕድም 3

ብዙሕ-ቋንቋውነት ኣብ መዓልታዊናይ ስድራቤት ህይወት 4

ብዙሕ-ቋንቋውነት ኣብ መዓልታዊ ናይ ስድራቤት ህይወት

ምክትታል ትምህርታዊ ኣጋጣሚታት ካብ መጀምርታ 6

ናይ ስድራቤት-ቆልዓ ጕጅለታት።

ክንክን ኣብ ናይ መጀርመታ ቊልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ወይ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ (Kita) 8

ናይ ኣድራሻ ዝርዝር 10

ተወሳኺ ሓበሬታ 11






ዝኸበርኩም ወለዲ፡
ኣብ ስድራቤትኩም ብዙሕ ቋንቋታት ወይ ካብ ቋንቋ ጀርመን ወጻኢ ዝኾኑ ካልኦት ቋንቋታት ትዛረቡ ዲኹም፧ እምብኣር ንስኹምን ቆልዓኹምን ዓቢ ብልጫ ኣለኩም፥ ቆልዓኹም ብመገዲ ናይ ስድራቤትኩም ቋንቋ(ታት) ከምኡ ድማ ኣብ ከባቢኹም ብዝዝረብ ቋንቋ ጀርመን ብብዙሕ ቋንቋ ክዓቢ ይኽእል። ኣብዚ እዋን'ዚ ዝበዝሑ ካብ ህዝቢ ዓለም ብዙሕ ቋንቋ ዝኽእሉ ኮይኖም ይዓብዩ ኣለዉ ስለዚ ከኣ ሎሚ ብዙሕ ቋንቋ ምዝራብ ንቡር እዩ ከምኡ ድማ ንዝሓሸ ህይወት፡ ንምምሃርን ናይ ስራሕ ጕዕዞን ዓቢ ዕድል እዩ።

ከም ሕጊ፡ ድርብ-ቋንቋዊ ወይ ብዙሕ-ቋንቋዊ ዝኾኑ ቆልዑ ቋንቋታት ኣብ ምድላብ ጸገም የብሎምን። ብኣንጻሩ ከኣ፥ ኣየኖት ቋንቋታት እዮም ኣብ እዋን ቍልዕነት ተደሊቦም ብዘየገድስ፡ እዚ ተወሰኽቲ ቋንቋታት ንምምሃር ጠቓሚ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል። ከም ብዙሕ-ቋንቋዊ ስድራቤት መጠን፡ ንኣገዳሲ ክፋል ናይ ስድራቤትኩም መንነት ንምዕቃብ ናይ ስድራቤትኩም ቋንቋታት ደግፉ። ምስዚ ንቖልዓኹም ብኸመይ ቋንቋ ጀርመን ከም ናይ ኣከባቢ ቋንቋ ንኽምሃር ከምትሕግዝዎን ኣብ ከባቢኹም ከኣ እንታይ ኣቕርቦታት ከምዘለዉን ዘርእየኩም ብሮሹር ክነላልየኩም ምደለና።

Ihr
Ministerium für Kinder, Familie,
Flüchtlinge und Integration
des Landes Nordrhein-Westfalen

# ብዙሕ-ቋንቋውነት ካብ መጀመርታ

## ብዙሕ-ቋንቋውነት ኣብ መዓልታዊ ናይ ስድራቤት ህይወት

- ንትገብርዎ ነገር ብዘረባ ኣሰንይዎ፡ ቆልዓኹም ካብ ማህጸን ዘለወሉ እዋን ጀሚሩ ንድምጽኹም ይፈልጦ እዩ። እቲ ድምጺ ንእኡ/ንኣኣ ልሙድ እዩ፣ ዘህድእ ጽልዋ ከኣ ኣለዎ። እንተድኣ ናይ ስድራቤት ቋንቋኹም ትዛረቡ ኾይንኩም ቆልዓኹም ቅርበት፣ ውሕስነትን፣ ምቾትን ይስምዖ።

- ብልዕሊ ሓደ ቋንቋ ምዕባይ ንቖልዓኹም ህያብ እዩ፡ ምክንያቱ ብዙሕ-ቋንቋውነት ብዙሕ ናይ ነዊሕ እዋን ብልጫታት ስለዘለዎ። እቲ ናይ ስድራቤት ቋንቋ (ታት) ንቖልዓኹም ንምሉእ ህይወቱ ከሰንዮ እዩ። ምስ ቆልዓኹም ካብ መጀመርታ ኣትሒዝኩም ብሓጎስ ምዝራብ ኣገዳሲ እዩ። ዋላ'ውን ነቲ ትሕዝቶ ዛጊት ክርድእዎ ዘይክእሉ ይኾኑ፡ እቲ ቆልዓ ካባኹም ዝኾነ ዘረባ ክቕበል ሕጉስ እዩ።

- ነቲ ብዝበለጸ ትፈልጥዎ ቋንቋ ኣብ መዓልታዊ ኣጋጣሚ ብምዝራብ ናይ ቆልዓኹም ናይ ምዝራብ ክእለት ኣበራብሩ።

- ዋላ'ውን ቆልዓኹም ኣብ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ ዝምሃር እንተኾነ ወይ ኣብ ናይ መጀመርታ ቍልዕነት መውዓሊ ቆልዑ እንተሃለወ፡ ናይ ስድራቤትኩም ቋንቋ ዘለዎ ዓቢ ኣገዳስነት ቀጻሊ እዩ፡ ምኽንያቱ ቆልዓኹም ምሳኹም ወይ ምስ ናቱ/ታ ስድራቤት ብመገዲ እዚ ቋንቋ'ዚ ምትእስሳር ሃኒጹ ኣሎ ውሕስነትን ድሕነትን ከኣ ተሞኪሩ ኣሎ።

- እቲ ካልኣይ ቋንቋ ጀርመን'ውን ኣብ ናይ ቆልዓኹም መጻኢ ፍሉይ ኣገዳስነት ኣለዎ፡ ንኣብነት ምሕዝነታት ኣብ ምህናጽ ወይ ድሓር ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቆልዓኹም ድሮ ንሓደ ቋንቋ ብዝሓሸ ክዛረብ ዝኽእል እንተኾይኑ፡ ካልኦት ቋንቋታት ንምምሃር ዝቐለለ ይኾነሉ። ስለዚ፡ ናይ ስድራቤት ቋንቋታትኩም ኣገዳሲ መሰረት ንቐጻሊ ምምሃር ቋንቋ እዮም፡ ንኣብነት እቲ ካልኣይ ቋንቋ ጀርመን።




ዓው ኢልኩም ኣንብቡ

ብሓባር ብምኳን ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ምዕዛብን ምንባብን ንቆልዓኹም ንምዝራብ ይሕግዞ። ንህጻናት ዝኾኑ ናይ ስእሊ መጻሕቲ (ከምኡ'ውን ብዙሕ-ቋንቋዊ) ኣለዉ። ህዝባዊ ኣብያተ ንባብ ብናጻ ወይ ብውሑድ ክፍሊት ትልቅሕዎም ብዙሕ ዓይነታት ናይ (ብዙሕ-ቋንቋዊ) መጻሕፍቲ ኣለወን።

ዝርዝር ናይ ኣብያተ-ንባብ ምምሕዳር ከተማ ኣብ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት'ዚ ክርከብ ይኽእል።

ተግባር-ብዘሰኒ ኣገባብ ብምዝራብ ንቆልዓኹም ናይ ቋንቋ ኣርኣያ ክትህብዎ ትኽእሉ። ነቲ ትገብርዎ ዘለኹም ብምንታይ ትገብርዎ ምህላውኩም ብምስማይ፡ ንቆልዓኹም ሓደስቲ ቃላት ናይ ምምሃር ዕድል ትፈጥርሉ። ብመገዲ እቲ ዝተደጋገመ ተጠቃምነት ናይ ቃላት፡ እቲ ቆልዓ ንእኦም ምስቶም ንጥፈታት የተኣሳስሮም ናቱ/ታ ማህደረ ቓላት ከኣ የስፍሕ። እዚ ንስዋስዋዊ ዕብየት'ውን ኣገዳሲ መሰረት ይፈጥር እቲ ቆልዓ ምሉኣት ሓሳባት - ከምኡ'ውን እቶም ዘሰንይዎም ንጥፈታት - ውሱናት ቅርጽታት ከምዝኽተሉ ይርዳእ።

### ምንቕስቓስን ሙዚቃን

እቲ መጽናዕቲ ከምዘረጋግጾ ኣካላዊ ምውስዋስን ምዝማርን ቆልዓኹም ዘረባ ንኽምሃር ይሕግዝዎ። ኣብ ምንቅስቓስ፡ ቆልዓኹም ንቓላት ብመገዲ ናይ ገዛእ ርእሱ ተግባራት ወይ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ሰብነት ክምኩሮም ይኽእል። ቆልዓኹም ብመገዲ ሙዚቃ ክሙከር ከምኡ ድማ/ወይ ክንቀሳቐስ ምእንቲ ስሩዕ ኣጋጣሚታት ፍጠሩ። ቆልዓኹም ክዝምረሎም፡ ጂምናስቲክስ ክሰርሓሎም፡ ክዕንድረሎምን ምስ ካልኦት ኣብቲ ጕጅለ ዘለዉ ዝጻወተሎምን ብዙሓት ኣጋጣሚታት’ውን ኣለዉ፡ ንስኻ/ኺ ከም ወላዲ ከኣ ንቖልዓኹም ዝኾኑ ሓደስቲ መዝሙራትን ጸወታታትን ክትፈልጡ ትኽእሉ። እዚ ቆልዓኽኡም እናተጻወተ ምስ ቋንቋ ጀርመን ንኽላለ ይሕግዞ።

ናይ ምንቅስቓስን ሙዚቃን ኣጋጣሚታት ኣብ መወዳእታ ናይቲ በራሪ ወረቐት ክርከቡ ይኽእሉ



# ኣብ ትምህርታዊ ኣጋጣሚታት ካብ መጀመርታ ኣትሒዝካ ምስታፍ

## ናይ ስድራቤት-ቆልዓ ጕጅለታት፡ ምትእኽኻባት ስድራቤት (ካብ 0-3 ዓመታት ዝዕድሚኦም ቆልዑ)

ስድራቤታት ንሓድሕዶም ንኽፋለጡ፡ ተመኩሮታት ክለዋወጡን ብዛዕባ ጕዳያት ትምህርትን ህይወት ስድራቤትን ከኣ ምኽሪ ክረኽቡን ዝሕግዙ ብዙሓት ኣጋጣሚታት ኣለዉ። መብዛሕትኡ ግዜ ሓደስቲ ምሕዝነታት ወይ ኮማዊ ማሕበረሰባት እውን ኣብዚ ክቖሙ ይኽእሉ። ኩሎም ናይ ትምህርቲ ኣጋጣሚታት ንኣኹምን ንቆልዓኹምን ክድግፉን ከሰንዩን ዝዓለሙ እዮም። ምቕሉል ምትሕብባር ምስቶም ናይ ርክብ ሰባት ወይ ክኢላታት እቲ ቆልዓ ኣብቶም ኣጋጣሚታት ወይ ድሓር ኣብቲ ናይ መጀመርታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ወይ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ (Kita) ጽቡቕ ንኽስምዖ እውን ይሕግዝ።

ብዙሓት ወለዲ ሓድሓደ ግዜ ድሕሪ ምውላድ ናይቲ ቆልዓ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ጽምዋ ከምዝስምዖም ይሕብሩ። ናይ ስድራቤታት ወይ ናይ ወላዲ-ቆልዓ ክበባት/ካፈታት ንኣኹምን ንቖልዓኹምን ካብ መጀምረታ ኣትሒዝኩም ምስ ካልኦት ወለድን ቆልዑን ርክብ ንኽህልወኩም ዕድል ይህቡ። ኣብዚ ምስ ካልእ ስድራቤታት ናይ ምስራሕ ተኽእሎ ኣሎ ንኣብነት ብሓደ ቍርሲ ንምብላዕ ወይ ኣብ ወትሩ ድሕሪ ቐትሪ ናይ ቡንን ኬክን ምትእኽኻብ ምግባር። ኣብኡ፡ እቶም ቆልዑ ናይ ምጽዋት ብዙሕ ዕድላት ኣለዎም፡ መምሃራን ከኣ ሕቶ እንተልይኩም ምኽሪ ንኽህብኹም ኣብኡ ኣለዉ።

ብዙሓት ፍሉያት ናይ ወላዲ-ቆልዓ ጕጅለታት ኣለዉ፡ ንኣብነት ንብዙሕ-ቋንቋዊ ወለዲ ወይ ነቦታት ጥራይ፡ ወይ ነዴታት ጥራይ ወይ ንንጽል-ወለዲ ኣብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጕጅለታት ኣብቲ ቀዳማይ ዓመት ናይ ቆልዑኦም ህይወት ክትሳተፉ ትኽእሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ከኣ ይካየዱ፡ ንኣብነት ኣብ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ (Kita)፡ ኣብ ሆስፒታል፡ ኣብ ናይ ወለዲ ካፈ ወይ ኣብ ማእከል ትምህርቲ ስድራቤት። እቶም ናይ ወላዲ-ቆልዓ ጕጅለታት ኣብ ሓደ ኣርእስቲ ከተኩሩ ይኽእሉ ወይ ነቲ ዕብየት ናይቲ ቆልዓ ብፍሉይ ፕሮግራም ዘተባብዑ ክኾኑ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ ንብዙሓት መሳንይትን ጕጅለታት ዝኾኑ ኣባላት ስድራቤት ምስቲ ቆልዓ ብምኺን'ውን ክጽንበርዎም ይኽእሉ (ኣደዓባያት፡ ኣባሓጎታት፡ ሓትኖታት/ኣሞታት፡ ሓወቦታት/ኣኮታት፡ ኣዕሩኽ/መሓዙት)። ነቲ ምምሕዳር ጕጅለ ጥራይ ሕተቱ።

ናይ ርክብ ነጥብታት ንናይ ስድራቤት-ቆልዓ ጕጅለታት ኣብ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት'ዚ ክትረኽብዎም ትኽእሉ።



ብፍላይ፣ ኣብቶም ጉጅለታት Griffbereit ኣብ ዕላል ንምእታዊ ዝሕግዝኹም ገለ ኣስተርጎምቲ'ውን ኣለዉ። ብተወሳኺ፣ ብናይ ስድራቤትኩም ቋንቋ(ታት) ኣበርክቶ ክትገብሩ'ውን ተደላዪ እዩ። ስለዚ ኩሎም ቆልዑ ናይ ብዙሓት ቋንቋታት ኣመት ሒዞም ይዓብዩ። ናብዞም ጉጅለታት እዚኦም ብምብጻሕ፣ ብርግጽ ቆልዓኹም ምስ ቋንቋ ጀርመን ንኽላለ'ውን ትድግፍዎ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ክርከብ ይኽእል
www.kommunale-integrationszentren-nrw.de/griffbereit

ኣብ ገለ ከተማታት፣ ወለንታዊ መወልቲ ስድራቤት ወይ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ንንውሕ ዝበለ ግዜ ክድግፍኹም ዝኽእሉ መተካእታ እኖሓጎታት/ኣቦሓጎታት ኣለዉ። እቶም መወልቲ ንቆልዓኹም ንሓጺር ግዜ ክከናኽንዎ፣ ገለ ዕድጊት ክፍጽሙ፣ ናብ ዶክተር ከሰንይኹም ወይ ናብ ሰብ መዚ ክበጽሑን ቆልዓኹም ክከናኽኑን ይኽእሉ። እቶም መወልቲ ምስኡ/ምስኣ ቋንቋ ጀርመን እናተዛረቡ ምስ ቆልዓኹም ክጻወቱ ይኽእሉ። ኣብ ገለ ከተማታት፣ ንወለንታዊ መወልቲ ስድራቤት ወይ መተካእታ እኖሓጎታት/ኣቦሓጎታት ዝኾኑ ናይ ምልውዋጥ ፕሮግርማት ኣለዉ።
ብኽብረትኩም ኣብቲ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት'ዚ ርኣዩ

In einigen Städten gibt es Vermittlungsstellen für Familienpaten oder Leihgroß-eltern. Bitte schauen Sie am Ende dieses Flyers nach



# ክንክን ኣብ ናይ መጀርመታ ቍልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ወይ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ (Kita)

- ቆልዓኹም ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ኣብ ናይ መጀመርታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ወይ ማእክል መውዓሊ ቆልዑ (Kita) ክምሃር ይኽእል። ሓደ ቀዋሚ መስርሕ ኣሎ፡ ንኣብነት ነቶም ቆልዑ ብሓባር ሓንጎፋይ ኢሎም ይቕበልዎም፡ ንሳቶም ብሓባር ይበልዑ፡ ይጻወቱን ሓደስቲ ተመክሮታት የሕልፉን።

- እቶም ሰራሕተኛታት ወይ ትምህርታዊ ሰብ-ሞያ ናይ መውዓሊ ቆልዑ ንኣኹምን ንቆልዓኹምን ንናይ መጀምረታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ወይ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ ክትለምድዎ ክሕግዝኹም እዮም። ኣብቲ መጀመርታ፡ ምስ ቆልዓኹም ክትጸንሑ ትኽእሉ።

- ቆልዓኹም ንሱ/ሳ ናብ ናይ መጀምረታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ወይ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ ዝኸይድ እንተኾይኑ ነቲ ቋንቋ ጀርመን ብፍሉይ ብቐሊሉ ክምሃሮ ይኽእል። ቆልዓኹም ቀልጢፉ ምስቲ ቋንቋ ጀርመን ብዝተራኸበ መጠን ንሱ/ሳ ነቲ ሓድሽ ቋንቋ ብዝቐለለ ክምሃሮ ይኽእል። ንሳቶም ኣብኡ ብዙሕ ሓሳባት ብቛንቋ ጀርመን ካብቶም ሰራሕተኛታት ናይ መውዓሊ ቆልዑ ወይ ካብቶም ንስነ-ምምህርና ክኢላታት ከምኡ ድማ ካብ ካልእ ቆልዑ ይረኽቡ። ስለዚ ቆልዓኹም ናብ ናይ ቋንቋ ጀርመን ምስማዕን ምዝራብን ብተደጋጋሚ ክጋለጽ ይኽእል። ቆልዓኹም ምስ ቋንቋ ጀርመን ወይ ካልእ ቋንቋ ዝዛረቡ ካልእ ቆልዑ እውን ምሕዝነት ክምስርት ይኽእል የማናይ ሰማያዊ ሳጹን፥ ሓበሬታ ብዛዕባ ምዝገባ ንመውዓሊ ቆልዑ ኣብ ትሕቲ እዚ ዝስዕብ ሊንክ/መላገቢ ክርከብ ይኽእል፥

Informationen zur Anmeldungen für die Kindertagesbetreuung finden Sie unter folgendem Link:

**www.kita.nrw.de/eltern/kita-finder/kita-finder-nrw**



## ናይ መጀምርታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ (Kindertagespflege)

- ኣብ ናይ መጀምርታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ምስ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ ብምንጽጻር ዝነኣሱ ጉጅለታት ኣለዉ ከምኡ ድማ እቶም ቆልዑ ናይ መውዓሊ ቆልዑ ሰባት ተባሂሎም ብዝጽውዑ ይእለዩ (መውዓልቲ ኣዴታት፡ መውዓልቲ ኣቦታት)።

- ብፍላይ ንንኣሽቱ ቆልዑ (0-3 ዓመታት) እቲ ናይ መጀምርታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ እቲ ናይ መጀመርታ ምስግጋር ካብ ስድራቤት ናብ ካብ-ገዛ-ወጻኢ ናይ ክንክንን ትምህርትን ኩነት እዩ። ከምዚ ዝኣመሰሉ ንኣሽቱ ጉጅለታት ንገለ ቆልዑን ስድራቤቶምን(ስድራቤታቶምን) ነቲ ሓድሽ ሃዋሁውን ከምኡ ድማ ነቲ ቋንቋ ጀርመንን ብቐሊሉ ንኽለምድዎ የኽእሎም።

- እቶም ናይ መውዓሊ ቆልዑ ሰራሕተኛታት ንቆልዑኦም ብዝምእምእ ኣገባብ ንምስናይ ናይ ገዛእ ርእሶም ስልጠና ዝቐሰሙ እዮም። ከምኡ'ውን ንሳቶን ንኣኹምን ንቆልዓኹምን ምስ ካልእ ወለድን ቆልዑን ርክብ ንምፍጣር ይሕግዝኹም።

- ከም ወለዲ፡ ንስኻ/ኺ ብዛዕባ ዕብየት ቆልዓኹምን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣብቲ ናይ መጀምርታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ዘለዉ ኣገባባትን ጠለባትን ክትሕበሩ ኢኹም። ኣብዚ እቶም ሰራሕተኛታት ናይ መውዓሊ ቆልዑ ክሎም ወለዲ ቅቡላት ኮይኑ ክስምዖምን/ ከይጋየሹ ከምኡ ድማ ንሳቶም ናይ ገዛእ ርእሶም ቋንቋ(ታት) ከበርክቱ ከምዝኽሉ የተባብዑ።

- ንኣብነት፡ ንሳቶም ክሎም ወለዲ ዝዕደምሎም ናይ ሓባር ንጥፈታት ይውድቡ።

ናይ ክኢላኹም ቤት-ጽሕፈት ናይ መጀምርታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ኣብ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት'ዚ ክትረኽብዎ ኢኹም

## ማእከል መውዓሊ ቆልዑ (Kita)

- ቆልዓኹም ካብ ቀዳማይ ዓመት ናይ ህይወቱ ኣትሒዙ'ውን ኣብ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ ክሳተፍ ይኽእል። ኣብኡ፡ ካብ ሓደ ክሳብ ሽድሽተ ዝዕድሚኦም ቆልዑ ብናይ ስነ-ምምህርና ክኢላታት ይእለዩ። ገሊኣን ትካላት ትሕቲ ሓደ ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑ እውን ይቕበላ። ኣብቲ ዕድመ ብምምርኳስ፡ 10 ወይ 25 ቆልዑ ዝሓዙ ጉጅለታት ኣለዉ።

- ኣብቲ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ ናይ ወላዲ ዘተታት ተባሂሎም ዝጽውዑ ስሩዕ ዘተታት ኣልዉ ኣብኡ ብዛዕባ ዕብየት ቆልዓኹም ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣብቲ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ ዘሎ ልሙድ ንጥፈታት ትሕበሩ። ኣብኡ ወለዲ ሕቶታት ክሓቱ'ውን ይኽእሉ።

- ክሎም ወለዲ ዝዕደምሎም ንጥፈታት፡ ናይ ሓበሬታ ኣጋጣሚታት ከምኡ ድማ ፈስቲቫላት እውን ኣለዉ። ክሎም ወለዲ ከበርክቱ ክኽእሉ ኣገዳሲ እዩ፡ ንኣብነት ብመገዲ ናይ ገዛእ ርእሶም ቋንቋ(ታት)

- ኣብቲ ማእከል መውዓሊ ቆልዑ፡ ናይ ስድራቤትኩም ቋንቋ ዋጋ ይውሃቦ እዩ ንኣብነት ቆልዓኹም በዚ ቋንቋ'ዚ እውን ክዛረብ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ መዛሙር በዝን ብኻልእ ቋንቋታትን ይዝመሩ ወይ ቆልዑ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ክላለይሎም ዝኽእሉ ፕሮጀክትታት ይካየዱ።

- ቆልዓኹም ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ኣብ ናይ መጀመርታ ቁልዕነት መውዓሊ ቆልዑ ወይ ማእክል መውዓሊ ቆልዑ (Kita) ክምሃር ይኽእል። ሓደ ቀዋሚ መስርሕ ኣሎ፡ ንኣብነት ነቶም ቆልዑ ብሓባር ሓንጎፋይ ኢሎም ይቕበልዎም፡ ንሳቶም ብሓባር ይበልዑ፡ ይጻወቱን ሓደስቲ ተመክሮታት የሕልፉን።

ንናይ መውዓሊ ቆልዓ ቦታ ዝኾኑ ናይ ርክብ ሰባት ኣብቲ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት'ዚ ክትረኽብዎም ኢኹም።

# ናይ ኣድራሻ ዝርዝር

## ናይ ምንቅስቓስን ሙዚቃን ኣጋጣሚታት

| Name | Adresse | Telefon | Internet | E-Mail |
|---|---|---|---|---|
| Musikschule Stadt Hamm | Kolpingstraße 1 59065 Hamm | 02381 175666 | www.hamm.de/ musikschule | musikschule@ stadt.hamm.de |
| Familienbildung Diakonie Ruhr Hellweg | Südstraße 29 59065 Hamm | 02381 5440040 | www.diakonie-ruhr-hell weg.de | sernst@diakonie-ruhr-hellweg.de |
| Movere Verein für Psychomotorik | Eschenallee 16 59063 Hamm | 02381 580500 | www.movere.de | info@movere.de |
| Stadtsportbund | Stadthausstraße 3 59065 Hamm | 02381 15155 | www.ssb-hamm.de | info@ssb-hamm.de |
| Sportvereine von A-Z | | | www.hamm.de/sport/ sportvereine-von-a-z | |

## ናይ ከተማ ኣብያተ-ንባብ

| Name | Adresse | Telefon | Internet | E-Mail |
|---|---|---|---|---|
| Zentralbibliothek im Heinrich von Kleist Forum | Platz der deutschen Einheit 1 59065 Hamm | 02381 17 5751 | www.hamm.de/ stadtbuecherei | stadtbuecherei@stadt. hamm.de |
| Bezirksbücherei Bockum-Hövel Herringen | Friedrich-Ebert-Str. 23-25, Holzstr. 1 | 02381 17 5771<br><br>02381 175773 | | |
| Bezirksbücherei Heessen Rhynern | Piebrockskamp<br><br>Unnaer Straße 10 | 02381 175772<br><br>02385 175778 | | |

## ናይ ርክብ ነጥብታት ንናይ ስድራቤት-ቆልዓ ጉጅለታት

| Name | Adresse | Telefon | Internet | E-Mail |
|---|---|---|---|---|
| Griffbereit<br>in vielen Kitas über das Kommunale Integrationszentrum | Stadthausstraße 3<br>59065 Hamm | 02381 17 5044 | www.hamm.de/<br>kommunales-<br>Integrationszentrum | hilbig@stadt.hamm.de |
| Rucksack Kita über das Kommunale Integrationszentrum | Stadthausstraße 3<br>59065 Hamm | 02381 17 5044 | www-griffbereit-rucksack.de | hilbig@stadt.hamm.de |
| "Gut aufwachsen in Hamm"<br>das Onlineportal hilft bei der Suche | | | www.hamm.de/<br>gut-aufwachsen | |
| Spielgruppenangebote<br>Auskunft über das Familienbüro | Theodor-Heuss-Platz 12<br>59065 Hamm | 02381 176363 | www.hamm.de/familie | familienfreundlich@<br>stadt.hamm.de |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |

# ናይ ኣድራሻ ዝርዝር

## ናይ ርክብ ሰብ ንናይ መውዓሊ ቆልዑ ቦታታት

| Name | Adresse | Telefon | Internet | E-Mail |
|---|---|---|---|---|
| Beratungs- und Vermittlungsstelle für Kindertagesbetreuung | Caldenhofer Weg 192<br>59063 Hamm | 02381 176399 | | kindertagesbetreuung<br>@stadt.hamm.de |
| "Kitaportal" | | | www.hamm.de/<br>kitaportal | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |
| | | | | |

## ኣብ ቦታ ዘለዉ ተወሰኽቲ (ናይ ትምህርትን  ደገፍን) ኣጋጣሚታት

| Name | Adresse | Telefon | Internet | E-Mail |
|---|---|---|---|---|
| Kommunales Integrationszentrum | Stadthausstraße 3<br>59065 Hamm | 02381 175040 | www.hamm.de/<br>kommunales<br>Integrationszentrum | ludger.bietmann@<br>stadt.hamm.de |
| Beratungsstelle für Eltern, Jugendliche und Kinder der Stadt Hamm | Elchstraße 11<br>59071 Hamm | 02381 176170 | www.hamm.de/<br>erziehungsberatung | eb-elchstr@<br>stadt.hamm.de |
| Beratungsstelle für Eltern, Kinder und Jugendliche der Caritas | Langestraße 27<br>59067 Hamm | 02381 3787000 | www.caritas-hamm.de | erziehungsberatung@<br>caritas-hamm.de |
| "Frühe Hilfen" Angebote für Eltern mit Kindern im Alter von 0-3 Jahren | Theodor-Heuss-Platz 12<br>Heinrich-Reinköster-Straße 8 | 02381 176334<br><br>02381 176413 | www.hamm.de/fruehe-hilfen | fruehe-hilfen@<br>stadt.hamm.de |
| Elternschule | Caldenhofer Weg 159<br>59063 Hamm | 02381 176180 | www.elternschule-hamm.de | elternschule@<br>stadt.hamm.de |
| Familienbüro | Theodor-Heuss-Platz 12<br>59065 Hamm | 02381 176363 | www.hamm.de/familie | familienfreundlich<br>@stadt.hamm.de |
| | | | | |

# ናይ ኣድራሻ ዝርዝር



ተወሰኺ ሓበሬታ

www.familienbildung-in-nrw.de//fuer-eltern/elternstart-nrw
www.griffbereit-rucksack.de
www.kita.nrw.de
www.ane.de/bestellservice/sprachentwicklung

Bundesstiftung Frühe Hilfen

Gefördert vom:

Bundesministerium für Familie, Senioren, Frauen und Jugend

Ministerium für Kinder, Familie,
Flüchtlinge und Integration
des Landes Nordrhein-Westfalen

Völklinger Straße 4, 40219 Düsseldorf
Telefon: 0211 837-02
poststelle@mkffi.nrw.de
www.chancen.nrw

@ChancenNRW
@ChancenNRW
chancen_nrw
Chancen NRW

